# ተቓውሞና ከድምፅ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

**26.01.2005**

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሕሰም እንታይ ከም ዝመስል ኣይኮነንዶ ንዓና ንኤርትራውያንስ ንካልኦት'ውን ብሩህ ስለዝኾነ ሰፊሕ ሓተታን ሓበሬታን የድልዮ እዩ ዝብል እምነት የብልናን። ጓሲኻዮ ንዘይምሕላፍ ግና ብጥቕሉሉ ...እዚ ጉደሎ ዘይበሃል ናይ ወጽዓን ጭቆናን እዋን እዩ...ምባል ይከኣል። እዚ ጭቆናን ወጽዓን እዚ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኤርትራዊ ብማዕረ ዝፍጸም ዘሎ በደል ስለዝኾነ ንምውጋዱን ብኻልእ ብባህሪኡ ዝተፈለየ ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን ምምሕዳርን ናይ ምትካኡ ዕማም ድማ ብኽንዳኡ ደረጃ ንኩሉ ኤርትራዊ ዝምልከት ከቢድ ሓላፍነት ምዃኑ እውን ንጹር እዩ። እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሓደገኛ ኩነታት ብሃንደበት ዘጋጠመ ዘይኮነስ፡ ዲክታተርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ዕድመ ልክዑ ኣብ ስልጣን ከጽንሓኒ እዩ ብዝብል ዝወጠኖ፡ ሰባብ ማእለማ ምዃኑ ኵሉ ደላይ ፍትሒ፡ ሰላምን ዲሞክራሲን ዝኾነ ኤርትራዊ ክዝንገዖ ዘይግበኦ ቁምነገር እዩ።

ስርዓት ህግዲፍ ነዚ ኮነ ኢሉ ዝመሃዞን ህዝብና ንምጭቋን ዝጥቀመሉ ዘሎን ስርዓት፡ ክሳብ መወዳእታ ዕድሜኡ ክከላኸለሉ ምዃኑ ኣየጠራጥርን እዩ። ምኽንያቱ እዚ ንዕኡ ናይ ምህላዉን ዘይምህላዉን ጉዳይ ስለዝኾነ። ነዚ እኩይ ዕላማኡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝጥቀሞ ኣዕናዊ ሜላታት ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ኰይኑ፤ ቀንድን መለለይኡን ዝኾነ ሜላ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ከየደልድል እሞ ሓቢሩ ተቓሊሱ ከየውድቖ በታታኒ ዝኾነ ኣብ ..ነቲ ሓደ ኣጆኻ ነቲ ሓደ ድማ ወይልኻ... ዝብልን፥ በብግዜኡ ዝቀያየርን ናይ ምፍልላይ ማእለማ እዩ። ኣብዚ እምበኣር፡ እቲ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታቱ ዝድለ መሰረታዊ ጉዳይ፡ ንናይ ህግዲፍ በታታኒ ማእለማ ግብረ-መልሲ ንምሃብ ናብቲ ንሱ ዝኾዓቶ ናይ ምፍልላይ ጉድጓድ ከይኣትዉ ምጥንቃቕን፤ ብተግባር ድማ "ዕድመ ስልጣንካ ንምንዋሕ ኣይንፈላለን ኢና" ዝብል ልዑል ድምጺ ምስማዕን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘርከብካ እናመሰለካ፡ ነቶም እቲ ስርዓት ከምስል ኣጆኻ ንዝብሎም ኤርትራዊ ወገናት ወይልኻ፤ ነቶም ከምስል ወይልኻ ንዝብሎም ድማ ኣጆኻ ክትብሎም ምፍታን፡ ብተግባር መሳርሒ ናይቲ እቲ ስርዓት ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ክብል ዝመሃዞ ተንኮል ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ክውሃቦ ኣይክእልን ኢዩ።

ሎሚ ኣብ ኤርትራዊ መዳይ ነቲ ስርዓት ዝቃወም ኣሎዶ የሎን ዝበሃለሉ እዋን ዘይኮነስ፡ እምበርዶኸ ነቲ ስርዓት ዝድግፍ ኤርትራዊ ኣሎ እዩ? ኣብ ዝበሃለሉ እዋን በጺሕና ምህላውና ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስርዓት ህግዲፍ ሓቀኛ መንነቱ ሓቢኡ ዘታልለሉ ዝነበረ ኵሉ ተዋስኦታት ተውዲእዎ፥ መላእ ህዝቢ ኣንጻሩ ደው ኣብ ዝበለሉ መድረኽ ኢና እንርከብ ዘሎና። እንተኾነ ግን፡ እዚ ፋሕ ኢሉ ብዘይምእኩል ኣገባብ ነቲ ስርዓት ዝቃወም ዘሎ ሸነኻትን ዓቕምታትን ናብ ነገራዊ ናይ ለውጢ ሓይሊ መታን ክሰጋገር ክውደብ ክኽእል ኣለዎ። እዚ ኣብ ተግባር ክውዕል ካብ ዝኽእለሉ መንገድታት እቲ ሓደን ቀንድን፡ ሓፋሽ ህዝቢ ኣብተን ዝኣምነለን ውድባት ተጠርኒፉ ንጡፍ ተዋሳኣይ ክኸውን ምስ ዝኽእልን፤ እተን ውድባት ድማ፡ ብሓባር ዘስርሐን ሓባራዊ ክሊ ምስ ዘውንናን እዩ ዝብል እምንቶ ኣለና። ካብዚ ሓሊፉ ብኣዕናዊ ተግባራት ስርዓት ህግዲፍ እናማረርካን፥ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ናይ ስርዓት ለውጢ ክረጋገጽ እናጠለብካን፥ ብኣንጻሩ ናይ ማዕዶ ተዓዛባይን ካልኦት ተቓሊሶም ለውጢ ከምጽኡልካ ተጸባዪ ምዃንን ክልተ ዘይሳነ ነገር ኢዩ። ብዙሓት ወገናት በቲ ኣብ ደምበ ተቃውሞ ዝርአ

ሕልኽልኻት ከምዝስከፉን፤ እዚ ውን ንተሳትፍኦም ከምዝኸልፎን ርግጽ ኢዩ። እቲ ክኸውን ዝግብኦ ግን፡ ኣማዕዲኻ ብእትርእዮም ኣጸገምቲ ነገራት ተሰኪፍካን ተኾሊፍካን ብርሑቕ ...ከምዚ ዘይገብሩ ከምዚ ዘይሰርሑ.. ምባል ዘይኮነስ፥ ቀረብካ፡ እንተላይ ኣብቲ እተኣምነሉ ውድብ ዝርአ ጸገማት ንምእላይ ኣብ ዝካየድ ቃልስታት ብተግባር ምስታፍን ግቡእካ ምፍጻምን እዩ። ምቅላስ ማለት ኣብ ተመድሚዱ ዝተሰርሐ መቃለሲ መድረኽ ምውሳእ ማለት ዘይኮነስ፡ ነቲ እትምነዮ መቃለሲ መድረኽ ኣብ ምምድማድ ብኣካል ባዕልኻ ምውሳእ እውን ዘጠቓልል ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን እዩ። ሰኽፍታካን ነቐፌታኻን ዝሓሸ እዩ እትብሎ መተካእታን እናቕረብካ፤ ነቲ ጉድለት ኢልካ ዝኣመንካሉ ነገራት ምሳኻ ኰይኖም ዝእርሙ መቓልስቲ እናፍረኻ እንተኸድካ ጥራሕ ኢኻ ከተድምዕን፤ ናይ ተቓውሞ ድምጺ ከተጕልህን ከተጐልብትን ዝከኣል።

እቲ ካልእ ክንግደሰሉ ዝግበኣና ዓቢይ ጉዳይ፡ ተቓውሞና ብተረኽቦታት ጥራሕ ዝውላዕን ዝጠፍእን ክኸውን ከምዘይብሉ ኢዩ። ገለ ክርከብ እንከሎ ምብርባር፡ እቲ ተረኽቦ ምስ ሓለፈ ድማ፡ ምዝሕታል ዘይኮነስ፥ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ዓቕሉ ዘጽብበሉን ግዜ ዘይህብን ተኸታታልን በብእዋኑ ክብ እናበለ ዝኸይድን ተቓውሞ ኢዩ ክኸውን ዝግባእ። ንኣብነት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ንዝፈጸሞ ህልቂት፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ብሓባር ብሰላማዊ ሰልፍታት ኣቢሎም ናይ ተቓውሞ ድምጾም ኣስሚዖም። ርግጽ እዩ ናይ ዓዲ ኣበይቶ ህልቂት ፍሉይ ቆላሕታ ክውሃቦ ዝግባእ ኣሰንባዲ ተረኽቦ ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ መዓልታዊ ህይወት ብባህሪኡ ካብቲ ናይ ዓዲ ኣበይቶ ዝተፈልየ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ፡ ወግሐ ጸብሐ ሰባት ይርሸኑ፡ ይእሰሩ፡ ይጭወዩ፡ ተገዲዶም ይዕስከሩ፡ ንብረቶም ይራሰ፡ ይስደዱ..ወዘተ ኣለዉ። ስለዚ እቲ ነዚ እከይ ተግባራት ንምግላጽን ንምቅላዕን ዝግበር ኩለመዳያዊ ቃልሲ ብማዕሪኡ ክካየድ ይግባእ። ከምኡ እንተኾይኑ እዩ ከኣ፡ ድምጽና ዝስማዕ፡ ተቓውሞና'ውን ዘድምዕ።

ሓደ ካብ መለለይ ባህርያት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ብስም ሓፋሽ ምሽቃጥን ብናይ ሓሶት ህዝባዊ ውክልና ተሓቢኡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ዝገብሮ ተዋስኦታትን ኢዩ። ሓላይ ህዝቢ ንምምሳል፡ ብዛዕባ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ፡ ብዛዕባ ምምላስን ምጥያስን ናይ ስደተኛታት፡ ብዛዕባ ህዝባዊ ምርጫታት፡ ብዛዕባ ልምዓት ...ወዘተ ብዙሕን ውሑድን ክዛረብ ይስማዕ። ስለዚ፡ ነቲ ምእንቲ ህዝቢ ዘይኮነስ፡ እኳደኣ ኣንጻር ህዝቢ ዝኾነ ተግባራቱ ንምቅላዕ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኰነ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት፡ ኮታ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብሓፈሻ ዝፍጽም ዘሎ ግፍዕን ጭቆናን ድምጽና ክብ ኣቢልና ከነቃልዖ ኣሎና። ነፍስወከፍ ዜጋ ድማ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝፍጸም ግፍዒ ብቐዳምነት ናይ ምቅላዕ ሓላፍነት ናቱ ምዃኑ ክፈልጥ ይግባእ። ...እዚ ንረብሓና ኣይኮነን፡ እምቢ ንጭቆና፡ እምቢ ንመግዛእቲ ክንብል ክንክእል ኣሎና።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ውን ሓላዪን ተሓላቕን ናይ ህዝቢ መሲሉ ክርአ ስለዝፍትን፤ ደድሕሪኡ እናኸድና ሓሶታቱ ከነቃልዕን፤ ጸረ ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ ጸረ ማሕበረስብ ዓለም ውን ምዃኑ ከነጋልጽን ዕቱብ ዝኾነ ጻዕርታት ክንካይድ ይግብኣና። ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ዘካይዶ ዘሎ ተጓናፋጢ ዲፕሎማስን ምጥሓስ ኣህጉራዊ ሕግታትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ንህዝብና ዘየርብሕ ምዃኑ ከነቃልዖ ይግብኣና። ከምዚ እንተጌርና ተቓውሞና ከምዘድምዕ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ብፍላይ ኣብዚ እዋንዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብሽፉን ናይ ልዑላውነት፡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ዝፍጽሞ ዘሎ ምድንግራት ህዝብና ክነቕሓሉ ዝግባእ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ንሃገራዊ ፍቕርን ተወፋይነትን መዝሚዙ፡ ህዝብና ንውሽጣዊ ጕዳያቱ ኣወንዚፉ፡ ንግዳም ጥራሕ ክጥምት ንምግባሩ ዘየቋርጽ ጻዕርታት ከካይድ ኢዩ ዝርከብ ዘሎ። እቲ ሓቂ

**ግን፡ ክሳዕ ሕጂ ሓደ ሲሶ ካብ መሬትና ኣብ ትሕቲ ኣህጕራዊ ናይ ሰላም ዓቃቢ ሓይሊ፡ ሓደ ሲሶ ካብ ህዝብና ካብ መሬቱን መነባብሮኡን ተፈናቒሉ፡ ዶባትና ጌና ከይተሓንጸጹ ኢዮም ዝርከቡ ዘለዉ። ስርዓት ኢሳያስ ድማ፡ ንይምሰል ልዑላውነት እናበለ፡ እቲ ኩነታት ግን ከምኡ ኢሉ ክቕጽል ኢዩ ዝደሊ ዝመስል። ስለዚ ኢዩ እውን ኣብ መንግሥ ኤርትራ ከም ሃገርን፡ ኣብ መንግሥ ህግዲፍ ከም ስርዓትን ፍልልይ ከምዘየለ ገይሩ ክገልጽ ዝስማዕ። ሃገርን ህዝብን ነበርቲ፡ ስርዓታት ግን ተቐያይርቲ ኢዮም ንዝብል ሓቂ ሸፋፊኑ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕ ጥራሕ ዝሕልን ስርዓት ኢዩ።**

**ኣብ መወዳእታ ክንብሎ እንደሊ ንስርዓት ህግዲፍ ንምቕላዕ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ፡ ተቓወምቲ ውድባት ኢርትራ ኣንጻር ሕድሕዶም ዘካይድዎ ፍረ ዘይብሉ ቃልሲ ደው ኣቢሎም፡ ብልሒ ናይ ተቓውሞኦም ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከቕንዑን፤ ሓያል ተቓውሞ ንምፍጣር ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ብዘይ ተጕላባነት ተሓባቢሮም ክሰርሑን ኢዩ።**